**ወፈያ ክፍሊ-ኣካላትን** ክፍሊ ኣካል ዋህዮታትን

*ናይ ኣካላትን ዋህዮታትን ወፈያ ብሕታዊ ሕርያ ኢዩ። ውሳነኻ ንሰድራ ቤትካ ኣካፍሎም።*

**ብኣለይቲ ሕሙማት ማክጊል ዩኒቨርሲቲ ማእኸል ሓለዋ ጥዕና [MUHC] እተዳለወ፦ ዌንዲ ሽሪን በርናርድ ትረምብለይን ምስ ኣገልግሎት ደም ካናዳ ብምትሕብባር**

## ወፈያ ክፍሊ-ኣካላትን ዋህዮታትን እንታይ እዩ ?

ናይ ክፍሊ-ኣካላትን ዋህዮታትን ወፈያ ኻልኦት ሰባት ጥዕና ንኺረኽቡ ኽትሕግዞም እትኽእለሉ ምርጫ እዩ። ናይ ኣካላት ወፈያ ማለት ጥዕና ዘይብሎም ኣካላት ብጥዑያት ኣካላት ብምትካእ ህይወት ሰባት ዘድሕን መስርሕ ኢዩ። ወፈያ ዋህዮታት ሰባት ናይ ምርኣይ ክእለቶም ብምምሕያሽ ዝሓሸ ናብራ ንኽነብሩ ወይ ከቢድ ምንዳድ ምስ ዜጋጥም እውን ረኽሲ ንምክልኻል ይሕግዞም፡፡

ዝተወፈዩ ክፍሊ-ኣካላትን ዋህዮታትን ነቶም ዝያዳ ሓገዝ ዘድልዮም ሰባት ኢዮም ዝወሃቡ ። ዓሌት፣ ጾታ፣ ናይ ኣታዊ መጠን፣ ወይ ህቡብነት ነቶም እተወፈዩ ኣካላትን ዋህዮታትን ዝቕበሉ ሰባት ጽልዋ ኣይገብረሎምን ኢዩ።

ንኣካላትካ ምክንኻንን ምኽባርን ኣገዳሲ ዝኾነ ኽፋል ናይ'ቲ መስርሕ ወፈያ እዩ ። ኣብ ውሽጢ ሆስፒታል መጥባሕቲ ኣብ ዚግበረሉ ኽፍሊ መጥባሕቲ፣ ኣካላት ካብ'ቲ ዝነበሩዎ ኣካል ይእለዩ እሞ፡ ናብቲ እተጸገመ ሰብ ይውሰዱ እዮም። ድሕሪኡ ድማ እቶም ዋህዮን ኣዒንትን ይውሰዱ እዮም። ክፉት ሳንዱቕ ሬሳ ዝረኣየሉ ናይ ቀብሪ ምድላዋት ምግባር ድማ ከም ሓደ ኣማራጺ ኢዩ ።

## ኣየኖት ክፍሊ-ኣካላትን፡ ዋህዮታትን ኢዮም ክውፈዩ ዝኽእሉ?

ክውፈዩ ዝኽእሉ ክፍሊ-ኣካላትን፡ ዋህዮታትን ድማ እዞም  ዝስዕቡ ኢዮም፡-

***ኣካላት***
ልቢ፣ ሳናቡእ፣ ቆስጠ፣ ደቀቕቲ ዋህዮታት ቆስጠ፣ ጸላም ከብዲ፣ ኰላሊት፣ ከስዐ፣ ከምኡ'ውን ናእሽቱ ኣምዑትን

***ዋህዮታት***
መርዓት ዓይኒ፣ ኣደን ዓይኒ (ስክለራ = ማለት ንኹዕሾ ዓይኒ ዚሽፍን ተሪር ክፋል)፣ ቈርበት፣ ናይ ልቢ ቫልቭታት፣ ዓጽሚ፣ ከምኡውን  ጅማውቲ

### መን እዩ ኽወፊ ዚኽእል?

ኵሎም ሰባት፣ ካብ ውልደቶም ኣትሒዙ ኽሳዕ ዓቕመ ኣዳም ዝበጽሑ ዓቢይቲ ሰባት ኩሎም ብቑዓት ኢዮም። እቲ ትካል ናይ ወፈያ ኣካልን ወይ ዋህዮ ኣየናይ ክፍሊ ኣካላትን ዋህዮታትን ኪውፍዩ ኸም ዚኽእሉ ንምውሳን ንነፍሲ ወከፍ ጉዳይ ግምገማ ገይሩ ኪውስን እዩ።

*ብዛዕባ እቲ ዘይተርፍ ሞት ምዝራብ፣ ንርእስኻ ጥራይ ዘይኮነስ ንሰድራ ቤትካ እውን ኣጸጋሚ ኪኸውን ይኽእል እዩ፣*

### ዋላ እንተ እንተደኣ ሓሚመ ወፈያ ኽህብ እኽእል ድየ?

ሕክምና ዜድልዮ ሕማም ወይ ከቢድ ሕማም ዋላ እንተደኣ ሃልዩካ፣ ንኣካላትካ ወፋዪ ንኸይትኸውን ኣይኪገብረካን እዩ፣ ዝኾነ ኾይኑ እቲ ጊዜ ምስ ኣኸለ፣ ኩሎም እቶም ወፈያ ክገብሩ ዝኽእሉ ሰባት፣ ብውልቂ፣ ብሕክምናዊ ከምኡውን በብደረጃኡ ገምጋም ይግበረሎም እዩ፡፡

**ብዛዕባ እዚ መዓስ ምሕሳብ ክጅምር ኣሎኒ?**

ገና ብህይወት ከለኻ ብዛዕባ ሙማት ምዝራብ ኣጸጋሚ ኪኸውን ይኽእል እዩ። እንተኾነ ግን ኣካልካን ዋህዮታትካን ወፋዪ ንምኳን ብዛዕባ እቲገብሮ ውሳነ ምዝራብ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። እቶም እተፍቅሮም ሰባት እውን ኣብ መወዳእታ ህይወትካ ድሌትካ ንኽኽብሩ ፍቓደኛታት ክኾኑ ኣለዎም፡፡ ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ድሮ ተዛሪብካሉ እንተ ኴንካ፣ ቅኑዕ ውሳነ ንኺገብሩ ዝቐለለ ይኾነሎም እዩ።

ወፈያ ንኽትገብር እንዳ ሓሰብካ እንተደኣ ኣሊኻ፣ ምስ ሓኪም ስድራ ቤትካ ወይ ምስ ናይ ኣውራጃኻ መደብ ወፈያ ተዘራረብ።

**ብኸመይ እየ ወፈያ ክገብር ዝኽእል?**

ኣብ ዘሎኻሉ ኣውራጃ ወፋዪ ኣካልን ዋህዮን ንምኳን ብኸመይ ከም እትምዝገብ፦

- https://www.donateyourorgans.ca/#register

ውሳነኻ እንታይ ምኳኑ ብዘየገድስ፣ ግቡእ ሕክምና ወትሩ ኽትረክብ ኢኻ። ወፈያ ኽትገብር ትደሊ እንተደኣ ኴንካን ወይ ዘይኴንካን ንስድራ ቤትካ ኣዘራርቦም። ምርጫኻ ድማ ወትሩ ብኽብሪ እዩ ዚርአ።

እቲ ወፈያ ኽግበር ዚከኣል፣ ከም ዝሞተካ በቲ ዶክተር ምስተረጋገጸ ጥራይ ምኳኑ ኣይትረስዕ።

ኣካላትካን ዋህዮታትካን ኣብ መወዳእታ ህይወትካ ንኽተውፍዮም እትገብሮ ውሳነ፣ ካልኦት ሰባት ክሳዕ መወዳእታ ብህይወት ንኺቕጽሉ ይሕግዞም እዩ።

ዝያዳ ሓበሬታ እንተደኣ ደሊኻ፣ በጃኻ በዚ ዚስዕብ ኢ-መይል ጽሓፈልና፦ OTDT@blood.ca